orientation
orientamento
berufsberatung
.ch

ንምርጫ ሙያ ምቅርራብ

ምድካይ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ – ምስ ሓደ ትካል ናይ መጀመርታ ርክብ

ንሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ምድላይ ብመሰረቱ ልክዕ ከም ንሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ምድላይ እዩ ዝካየድ። ነዚ ትዕግስትን ተገዳስነትን የድልየኩም ኣዩ።

ንሓደ ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ከመይ ጌርኩም ኢኹም ተመልክቱ?

ክፋት ናይ ትምህርቲ ልምዲ ቦታ ኣብ ዕለታዊ ጋዜጣ ወይ ድማ ኣብቲ ናይ ትካላት መርበብ ሓበሬታ ይዝርጋሕ ኣዩ፣ ዓመት ዓመት ኣብ ወርሒ መስከረም ድማ ኣብቲ ናይ ኣማኸርቲ ሙያ መረጋገጺ ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ኣብዚ ዝቕጽል መርበብ ሓበሬታ www.berufsberatung.ch/lehrstellen, www.orientation.ch/apprentissage, www.orientamento.ch/tirocinio ናይ ከባቢታት ክፋት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ይግለጽ እዩ።

ኣብቲ ትካል ስልኪ ደዊልኩም፣ እቲ ክፋት ቦታ ትምህርቲ ልምዲ ክሳብ ሕጂ ነጻ ከም ዝኾነን ከተመልክቱ ትኽእሉ እንተኺንኩምን ሕተቱ። ብኽምኡ ከኣ ኣብቲ ጽሑፍ ዕላማ ሽም እቲ ሓላፍነት ዘለዎ ውልቀሰብ ክትጠቕሰዎ ትኽእሉ ኢኹም ከምኡውን ነቲ ናይ መመልከቲ ሰነድ ብሙሉኡ ብፖስታ ወይ ድማ ብኢንተርኔት ክትሰዱ ትኽእሉ ኢኹም።

እንታይ መልሲ ክትጽበዩ ትኽእሉ?

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ብጣዕሚ ብዙሕ መመልከቲታት ስለዝመጸን፣ ኣብ መጀመርታ እዋን ከምዝበጽሐኑን ትዕግስቲ ጌርኩም ንኽትጽበዩን ይላወባኹም፣ ጸኒሑን ርግጸኛ ዝኾነ መልሲ ይህባኹም።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ንሓደ ዉሽጣዊ ፈተና ብቕዓት ይዕድማኹም። ጽቡቕ ውጽኢት እንተ ኣምጺእኩም እቲ ናይ ምምልካት ኣገባብ ይቕጽል። እንተዘይኮይኑ ይነጽጋኹም።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ምሳኹም ክላለያ ደልየን ንምልላይ ልምዲ ወይ ድማ ንምሕራይ ተግባራዊ ልምዲ ይዕድማኹም።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ምሳኹም ክላለያ ደልየን ንሓደ ናይ ሌላ ቃለ መጠይቕ ይዕድማኹም።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት መልሲ ኣይህባኹምን እየን። ኣብ ሓደ ሓደ ትካላት ብዙሓት እዮም ዘመልክቱ። ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ንኹሉ መመልከቲ መልሲ ኣይህባን እየን።

ትምህርቲ ልምዲ ዝቕርባ ትካላት ከምዘይቅበላኹም መልሲ ይህባኹም።

«ሓድ ሓደ እዋናት ብጣዕሚ እየ ዝበሳጭ። ብዙሕ ተገዳስነት ሂበ ሓደ መመልከቲ ይጽሕፍ ግን ከምዝተነጸገኹ ከማን መልሲ ኣይረክብን ኣየ። ዋላ ሓንቲ ኣይሰምዕን እየ።»
ሻፉ



«ነቲ ናይ መጀመርታ መመልከቲ ዳርጋ ምስዳዱ ስኢነ ኔረ። ኩሉ ልክዕ ከም ዝኾነን ጽቡቕ ከም ዘሎን፣ መመሊስ እምርምሮ።»
ማይዳ